# ንእተመርመሩ ዝውሃብ ናይ $450 ሓገዝ ኮሮናቫይረስ

$450 Coronavirus (COVID-19) testing support – Tigrinya

## ንኹሉ ሰብ ዝኸውን ብዘይ ክፍሊት ዝውሃብ መርመራ

መርመራ ኮሮናቫይረስ ንኹሉ ሰብ **ብዘይ ክፍሊት** እዩ ዝውሃብ። እዚ ኸኣ ነቶም መዲኬር ካርድ (Medicare card) ዘይብሎም፡ ከም ካብ ካልእ ሃገር ዝመጹ በጻሕቲ፡ ተሰዲዶም ዝዓዩ፡ ከምኡ እውን ሓተትቲ ዑቕባ ዝኣመሰሉ ሰባት የጠቓልል።

ምልክታት ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) እንተ ኣልዩካ፡ ክትምርመር ኣሎካ።

## እንተ ተመርሚርካ፡ ካብ መንግስቲ ቪክቶርያ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትቅበል ትኽእል ኢኻ

መርመራ ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ድሕሪ ምግባርካ፡ ውጽኢት መርመራኻ ኽሳዕ ዝሕበረካ ኻብ ገዛኻ ኽትወጽእ የብልካን። ህጹጽ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙ ጥራይ ኢኻ ካብ ገዛኻ ክትወጽእ ትኽእል። ናብ ስራሕ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ውጽኢት መርመራኻ ኽትጽበ ከለኻ፡ ናይ ስራሕ ኣታዊኻ ከይትስእን እንተ ተሻቒልካ፡ ካብ መንግስቲ ቪክቶርያ ናይ $450 ሓገዝ ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ክትቅበል ብቕዓት ዘለካ ኽትከውን ትኽእል ኢኻ።

እዚ ሓገዝ እዚ ነቶም ኣብ ስርሖም ብምኽንያት ሕማም ንዝውሃቦም ዕረፍቲ (sick leave) ኽጥቀሙሉ ዘይክእሉ ሰራሕተኛታት ዝውሃብ እዩ። እዚ ኸኣ ነቶም ብዘይ ስሩዕ ዝሰርሑ (casual)፡ ብኩንትራት ዝሰርሑ፡ ብምኽንያት ሕማም ንዝውሃቦም ዕረፍቲ ዝወድእዎ ሰራሕተኛታት የጠቓልል።

ኣብ ቪክቶርያ ዝቕመጥ ዝኾነ ሰብ ነዚ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እዩ፣ ነዚ ሓገዝ እዚ ንኽትቅበል፡ ዜጋ ኣውስትራልያ ወይ ቀዋሚ ነባሪ ኽትከውን ኣየድልየካን እዩ።

ተመርሚርካ ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ከም ዘለካ እንተ ተነጊርካ ወይ ከኣ ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ምስ ዘለዎ ሰብ ብቐረባ እንተ ተራኺብካ፡ ንዝነውሐ ግዜ ርእስኻ ኽተግልል ከድልየካ እዩ። ናይ $1500 ክፍሊት ሓገዝ ክትቅበል እውን ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

መንግስቲ ቪክቶርያ ነቶም ካብ ገዝኦም ከይወጹ ዝተነግሮም ቈልዑ ንምእላይ ካብ ስርሖም ዝበኾሩ ሰራሕተኛታት'ውን እዚ ሓገዝ እዚ ኣዳልዩሎም ኣሎ፣ ናብ ስራሕ ክትከይድ ብዘይምኽኣልካ ደሞዝካ ዝቘረጽ እንተ ኾይኑውን ሓገዝ ክትቅበል ትኽእል ኢኻ።

ዝያዳ ሓበሬታ ንኽትረክብ፡ ወይ ንኽተመልከት፡ ናብ መስመር ኮሮናቫይረስ ኣብ 1800 675 398 ደውል፡ ወይ ናብ www.dhhs.vic.gov.au/covid-19-worker-support-payment እቶ።

**For information in other languages, scan the QR code or visit**
**DHHS.vic –Translated resources - coronavirus (COVID-19)**
**<https://www.dhhs.vic.gov.au/translations>**

**If you need an interpreter, call TIS National on 131 450**

**For any questions**

**Coronavirus hotline 1800 675 398 (24 hours)**

**Please keep Triple Zero (000) for emergencies only**

To receive this document in another format phone 1300 651 160 using the National Relay Service 13 36 77 if required, or email Emergency Management Communications <em.comms@dhhs.vic.gov.au>.

Authorised and published by the Victorian Government, 1 Treasury Place, Melbourne.

© State of Victoria, Australia, Department of Health and Human Services, 16 October 2020.
Available at https://www.dhhs.vic.gov.au/translations

OFFICIAL